ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር

الجبهة الوطنية الإرترية المتحدة

Eritrean United National Front

## ብምኽንያት መይ-ደይ ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ-ሸቃሎ፣
## ብኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)
## ዝተዳለወ መግለጺ፤

ሎሚ፡ ዓለም ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ፡ ንመበል 131 ግዜ ትኽበር ኣላ። ታሪኻዊት ዕለት ግንቦት ሓደ (May-Day) ንቃልስን መስዋእትን ሸቃሎ ዓለምና ንምዝካር ዝተሰየመት'ያ። ሸቃሎ/ሰራሕተኛታት ኤርትራ'ውን ከም ኩሎም ካልኦት ሸቃሎ ዓለም፡ ክብርቲ ባዓሎም ብምኳና፡ ኣብ ክሊ'ቲ ዘሕልፉዎ ከርፋሕ ሂወት ኮይኖም እናዘከሩዋ ጸኒሖም እዮም። ሎሚ'ውን ኣብ ፍሉይ ኩነታት ኮይኖም የብዕሉዋ ኣለዉ።

ሸቃሎ/ሰራሕተኛታት ኤርትራ ከም ኩሎም ህዝብታትና፡ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ኣብ ዝተኻየደ ነዊሕን መሪርን ሰላማውን ዕጥቃውን ተጋድሎና፡ ተሳቲፎም፤ ቆሲሎም፡ ተሰዊኦም። እንተኾነ ግን፡ ጻማ ቃልሶም ብውልቀ መላኺ ኢሳያስን ጨቋኒ ስርዓቱን ተጠሊሞም። እታ ብስሞም ዝቖመት ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃኮሰኤ) ድማ፡ ናይ ጭቁናን ዓፈናን መሳርሒ ገባቲ ኣገዛዝኣ ኢሳያስን ስርዓቱን ኮይና፡ ሕሰመ መከረኦምን መረረቶምን፡ ናብ ቅርዓት ከይቃላዕ፡ ኣብ ምዕፋን ተዋፊራ ዘጸንሐት ናይ ስለላ ትካል እያ።

ሸቃሎ/ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ ብዝሃነጾ ኣዝዩ ጨካን ስርዓተ ምሕደራ፡ ካብ ንቡር ስርሖም ብዘይ ኣገባብ እናተጸልጸሉ፡ ብዘይ ፍቓዶም እናተጎተቱ ኣብ ገደብ ዘይብሉ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክዋፈሩን፡ መላእ ስድርኦም፡ ብድኽነትን ጥሜትን እናተሳቐዩ ፍታሕ ስኢኖም ከርፋሕ ሂወት ከሕልፉ ምጽነሖም፡ ናይ ዝሓለፉ ልዕሊ 30 ዓመታት ናይ ሂወት ተሞኩሮኦም ምኳኑ፡ ዋሕስ-ኣግብእ ዘድልዮ ኣይኮነን።

ዓለም ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ/ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ፍሉይ ሃገራዊ ኩነታት ኾና ነብዕላ ምህላውና ርእሰ ግሉጽ ሓቂ እዩ። ገባቲ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያን ሓይሊ ትምክሕቲ ኣምሓራን ተማሓዝዩ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዘካየዶ ወራር፡ ብቐሊሉ ክሓዊ ዘይክእል በሰላ ኣዕሪፉ ሓሊፉ እዩ። እቲ ዝተወለዐ ወራር፡ ብስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ደው ዝበለ'ኳ እንተኾነ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ በዚ ስምምዕ'ዚ ክግዛእ ድሉው ብዘይምኳኑ፡ ገና ኣብ ዶባት ኤርትራን ትግራይን ሓድሽ ናይ ኲናት ሃዋሁው ንምጉህሃር ላዕልን ታሕትን ኣብ ምባል ይርከብ።

እዚ ስርዓት'ዚ፡ ኣብ ወራር ትግራይ ዝሃለቑ፡ መንእሰያትና ንስድራታቶም ከየርድአ ምጽቃጡ ከይኣኽሎ፡ ካልእ ሞትን ሞቕሰልትን ዝዕድም ሃዋሁው ኲናት ንምውላዕ ክህንደድ ይረአ ኣሎ። ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሱዳን ኢዱ ብምእታው፡ ኣብ ሞንጎ ላዕለዎት ወታሃደራዊ ኣዘዝቲ ሱዳን ሓዊ ብምእጓድ፡ ተገላባጢ መርገጺ ሒዙ፡ ህዝቢ ሱዳን ኣብ መዋእሉ ርእዩዎ ዘይፈልጥ፡ ሰብኣውን ንዋታውን ዕንወትን ምፍንቓልን ክወርዶ ብምግባር፡ ይቕረ ዘይባሃል ኣሉታዊ ተራ ኣብ ምጽዋት ይርከብ። ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ንመራሒ ሃገረ ሩስያ፡ ኣንጻር ኔቶን ሓያላት ሃገራት ምዕራብን ንምግጣም፡ ናይ ኲናት ስትራተጂ ክቕይስ ብምሕታት፡ ካብ ኲናትን ወረ ኲናት ወጻኢ ክነብር ዘይክእል ዕሉል ጸረ ሰላም ምኳኑ፡ ኣብ ኣደባባይ ዝተቓልዓሉ እዋን እዩ። ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ንናይ ኢትዮጵያ ውሽጣዊ ኩነታትን፡ ምስ ኣፍ ደገ ባሕሪ ብዝተታሓሓዘ ብብእዋኑ ዘንጸባርቖዎ መርገጺታት ብምምዝማዝ፡ ንመራሕቲ ሃገራት ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ጎድኑ ብምስላፍ፡ ጎብለል ናይ ምኳን ሕልሙ ጋህዲ ክገብር ላዕልን ታሕትን ዝብለሉ እዋን ይርከብ።

በቲ ካልእ፡ ንገባቲ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ዘበነ ዕድመ ስልጣኑ ሓሲቡዎ ዘይፈልጥ፡ ናይ ዲያስፖራ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ናይ መንእሰያት ደለይቲ ለውጢ (ብርገድ ንሓመዱ) ድማ ብፍላይ፡ ሓያል ተቓውሞን መኸተን ስለዘጋጠሞ፡ ነዚ ንምብርዓን ኣብ

ናይ ዓቕሊ ጽበት ምንቅስቓስ ተሸሚሙ፡ ላዕልን ታሕትን ኣብ ምባል ዝርከበሉ እዋን'ዩ። ብርግጽ እዚ ብመንእሰያት ደለይቲ ለውጢ-ብርጌድ ንሓመዱ ዝተማእከለ ዉዑይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ዓበይቲ ዓወታት ዘመዝገበ'ኳ እንተኾነ፡ ብብቑዕ መሪሕ እናተኣለየ፡ ቃልሱ ቅኑዕን ኣዐዋትን ማኣዝን ሒዙ ንቕድሚት ክምርሽ ናይ ምብቃዕ ሓላፍነት፡ ኣብ ዝባን ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ መራሕቲ ፖሎቲካዊ ውድባት ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ዝተጻዕነ ከቢድ ጾር ምዃኑ፡ ብጉቡእ ምግንዛብ ኣብ ዘድልየሉ ውዑይን ትስፉው ናይ ቃልሲ ኩነታት ንርከብ።

ሽቃሎ/ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ብሰንኪ ጨካን ኣገዛዝኣ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ፡ ዓቕሞም ዝጎልብቱለን ውዳበኦም ዝሕይሉለን ኢንዳስትሪታት፣ ፋብሪካታትን ናይ ኣገልግሎት ትካላትን ዝስፋሕፋሓሉ ዕድል ኣይረኸቡን። ብኣንጻሩ፡ ነተን ካብ ሕሉፋት ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝተረከበን ትካላት፡ ብሕጽረት መለዋወጥን ዕድመ ምድፋእን፡ ካብ ስራሕ ወጻኢ ብምግባር፡ ብርክት ዝበሉ ሽቃሎ፡ በብእዋኑ ስራሕ ኣልቦ እናኾኑ፡ ናብ ፎቖዶ ስደት ፋሕ ብትን ክብሉ ወይ ድማ ናብ ገደብ ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት እናተጸመዱ፡ ኣደዳ ሞትን ከርፋሕ ሂወትን ክቃልዑ  ጸኒሖም እዮም። ብገባቲ ስርዓት ኢሳያስ/ህግደፍ፡ ናይ ስራሕን ጥሮታን ውሕስነት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብሂወት ናይ ምንባር ውሕስነት'ውን ተሓሪሙዎም ጸኒሑን ኣሎን።

ሽቃሎ/ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ከም ኣካል ኣምሳል ህዝብታትና መጠን፡ ካብ'ቲ ካልእ ውጹዕ ህዝብና ዝተፈለየ ሂወት ክህልዎም ኣይክእልን። ስለዚ ኣብ ክሊ'ዛ ክብርቲ ዓለም ለኻዊ ባዓሎም ኮይኖም፡ ነዚ ኣብ ዲያስፖራ እናተጓሃሃረ ዘሸይድ ዘሎ ህዝባዊ ናይ ለውጢ ማዕበል ብሓፈሻ፡ ናይ ኤርትራውያን መንእሰያት ደለይቲ ለውጢ(ምንቅስቓስ ብርጌድ ንሓመዱ) ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ምጥንኻር፡ ናይ ቃልሲ ኣበርክቶኦም ከረጋግጹ ድሉዋት ዘኾኑላ ዕለት ክትከውን ይግባእ።

ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ) ድሕነትና ብስሙር ቃልስና ዝብል እዋናዊ ጭርሖ ተሓንጊጡ፡ ምስ ዉጹዕ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ምስ ኤርትራውያን ሽቃሎ/ሰራሕተኛታት ድማ ብፍላይ፡ ከምኡ'ውን ምስ ኩሎም ደለይቲ ለውጢ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ኢድ፡ ንኢድ ተታሓሒዙ፡ ንገባቲ ስርዓት ኢሳያስን ወይጦታቱን ብምውጋድ፡ ብመሰጋገሪ መድረኽ ኣቢሉ፡ ኣብ ክሊ ቅዋማዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት፡ ዘላቒ ረብሓታት ሽቃሎ ኤርትራ ዝረጋገጸሉ ጥጡሕ ባይታ ንምምድማድ ከምዝቃለስ፡ ብኣጋጣሚ'ዛ ክብርቲ ዕለት የረጋግጽ።

ድምቀት ንዓለም ለኻዊ ማዓልቲ ሽቃሎ ግንቦት ሓደ!!
ድሕነትና ብስሙር ቃልስና!!
ዘኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

ፈጻሚት ኮሚቴ፡
ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ)
01 ግንቦት 2024 ዓ.ም.